WINDSOR-ESSEX COUNTY HEALTH unit
Bureau de santé de Windsor-comté d'Essex

NEWS RELEASE

# ኣሃዱ ጥዕና ንዝመጽእ ግርደት ጽሓይ ዝምልከት ምኽርታት ድሕነት ይህብ

**ንህጹጽ ፈነወ**
**ሓሙስ 21 መጋቢት 2024 ዓ.ም 1፡00 ድ.ቀ. | ዊንድሶርን ኤሰክስ ኮውንቲ**

8 ሚያዝያ 2024 ወርሒ ኣብ መንጎ ጸሓይን ምድርን እትኣትወሉ ጸሓያዊ ከውሊ/ግርደት ጸሓይ ክህሉ እዩ።

ኣብ መላእ ዊንድሶርን ኤሰክስ ኮውንቲ ዝርከቡ ሓያሎ ቦታታት ኣብ መስመር ፍጹም ግርደት ይወድቁ፣ እዚ ድማ ጸሓይ ንሓጺር እዋን ምሉእ ብምሉእ ብወርሒ ክትሸፈን እያ ማለት እዩ። ኣብዚ ኣውራጃ ናይ መወዳእታ ዘጋጠመ ፍጹም ግርደት ጸሓይ ኣብ ለካቲት 1979 ኮይኑ፡ እቲ ዝቕጽል ድማ ክሳብ 2099 ዳግማይ ከጋጥም ትጽቢት ኣይግበርን።

ኣብ ዊንድሶር-ኤሰክስ ካውንቲ፡ ግርደት ጸሓይ ኣስታት ሰዓት 1፡58 ድ.ቀ ጀሚሩ ሰዓት 4፡28 ድ.ቀ. ክውድእ እዩ ፣ ከምኡ ውን ፍጸጹም ግርደት ካብ 3፡12 ድ.ቀ.ክሳብ  3፡15 ድ.ቀ. ክኽሰት እዩ።

ኣብ ከፊላዊ ወይ ፍጹም ግርደት ኣብ ዘለዎ ቦታ ሃሉ ብዘየገድስ፣ ብቐጥታ ናብ ጸሓይ ምጥማት፡ ከም ዑረት ዓይኒ ዝኣመሰለ ከቢድ ጉድኣት ዓይኒ ከስዕበልካ ይኽእል እዩ። ኣብ እዋን ግርደት ጸሓይ ሃስያ ዓይኒ ንምክልኻል ነዞም ዝስዕቡ ግበር፤

- ፈጺምካ ብቐጥታ ናብቲ ግርደት ኣይትጠምት።
- ነቲ ግርደት ክትጥምት እንተደሊኻ፡ **ውሑስ ጸሓያዊ ግርደት መዐዘቢ** ወይ ዓለምለኻዊ ደረጃ መዕቀኒ ISO 12312-2 ዘማልኡ መናፈት ጥራይ ተጠቐም።
- ቅድሚ ናብቲ ግርደት ምጥማትካ ነቲ መዕዘቢ ውደዮ እሞ ነቲ መዐዘቢ ቅድሚ ምውጻእካ ክኣ ካብቲ ግርደት ኣዒንትኻ እለ።
- ንጸሓያዊ ግርደት ንምርኣይ ካልእ ሜላታት ከም **ብኢንተርነት ቀጥታዊ ፈነወ** ተጠቐም።

ኣብ እዋን ከውሊ ግርደት ንህጻናት ብቐረባ ምክትታል እውን ኣገዳሲ እዩ፡ ምኽንያቱ ኣዒንቶም ካብ ኣዒንቲ ዓበይቲ ዝያዳ ብርሃን ስለዘእቱ፡ እዚ ድማ ንዝለዓለ ሓደጋ ጉድኣት ዓይኒ ከቃልዖም ይኽእል።

እቲ ፍጻመ ሰባት ናብ መንገዲ ፍጹም ግርደት ናብ ዘለዎም ቦታታት ዘምርሕሉ እዋን ስለዝኾነ፡  ኣብ ጽርግያትትን መንገዲ ማያትን ብዝሒ ተሽከርከርቲ ክውስኽ ትጽቢት ይግበር።

ድሕነት ዓይንኻ እንዳሓለኻ፣ ኣብ ጽርግያታት ኮነ ኣብ ክሊ ማያት በዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ድሕነትካ ሓሉ፥

- መኪና እንዳ መረሕካ ናይ ጸሓያዊ ግርደት መነጸር ኣይትጠቐም።
- ኣድህቦኻ ኣብ ጽርግያን ኣብ መስመራት ማይትን ይኹን፣ ከምኡ’ውን መኪና እንዳ ዘወርካ ናብ ጸሓይ ገጽካ ክትጥምት ኣይትፈትን።

- ግርደት ጸሓይ ክትዕዘብ ምስ መኪናኻ ኣብ ወሰን ጽርግያ ደው ኣይትበል። ነቲ ኩነታት ንምዕዛብ ካብ ጽርግያ ወጺኻ ውሑስ ቦታ ርኸብ።
- ኣብ እዋን ግርደት ጸሓይ ትዝውር እንተለኻ መብራህቲ መኪናኻ ወልዕ።
- ኣብ ጃልባ እንተለኻ፣ ጃልባኻ ግቡእ መብራህቲ ከምዘለዋ ኣረጋግጽ፣ ከምኡ ውን ንኣብ ከባቢኻ ዘለዋ ጀላቡ ኣስተብህል።

ነቲ ናይ ጸሓይ ግርደት ንምርኣይ ናይ ትዕዝብቲ ኣጋጣሚታት ወይ ዓበይቲ ምትእኽኻብ ሰባት ኣብ ዝተመርጸ ቦታታት ክህሉ ይኽእል እዩ። ኩነታት ጥዕናኻ ጽቡእቕ እንተዘየለ፣ ምልባዕ ሕማም ንምክልኻል ኣብ ገዛኻ ክትጸንሕ ይምረጽ።

ኣብ እዋን ጸሓያዊ ግርደት ብውሑስነት ምጽናሕ ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ፤ https://www.wechu.org/your-health/solar-eclipse-safety

**ርክብ ሚድያ:**


ክፍሊ ርክባት

ኣሃዱ ጥዕና ዊንድሶር-ኤሰክስ ካውንቲ

519-258-2146 ext. 6397

news@wechu.org